# ኮስታ ሪካ 7 ደቒ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 54 ኤርትራውያን ስደተኛታት ጽዒና ዝነበረ ጃልባ ሒዛ

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
16.09.2009

ጸጥታ ኮስታ ሪካ ብዘይ ሕጋዊ ምስግጋር ናይ ስደተኛታት ዝተጠርጠሩ 3 ኣብ'ታ መርከብ ዝነበሩ ሰባት ኣሲሩ ኣሎ። እቶም ሰበ-ስልጣን ኣስዒቦም፡ እታ መርከብ ኣብ ሕማቕ ኩነታት ከምዝነበረትን ተሳፈርታ ድማ ንብዙሕ መዓልታት መግቢ ከምዘይበልዑን ኣረዲኦም።

እቶም 54 ኣብ'ታ መርከብ ዝነበሩ፡ ኤርትራውያን ምዃኖምን፣ ነቶም ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ናብ ኣመሪካ ዘሰጋግርዎም ዝነበሩ ሰባት ገንዘብ ምኽፋሎምን ሰበ-ስልጣን እታ ሃገር ገሊጾም።

ኣብ ዝሓለፉ ቀረባ ኣዋርሕ፡ ካብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ካብ ጊኒን ዝመጻ ስደተኛታት ዝጸዓና መራኽብ፡ ኣብ ዝሓልፉ ቀረባ ኣዋርሕ ከም እተታሕዛ ሰበ -ስልጣን ኮስታ ሪካ ሓቢሮም።

እቶም በሽሓት ዝቑጸር ዶላራት ዝወስዱ መሰጋገርቲ፡ ንድሕነቶም ክብሉ፡ ነቶም ስደተኛታት ኣብ ክንዲ ኣብ ገማግም ኣመሪካ ኣብ ካሪብያን ኢዮም ዘውርድዎም ኢሎም ክብል ቢቢሲ እተባህለ ኣህጉራዊ ናይ ዜና ማዕከን ኣቃሊሑ።